# ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ትግርኛ፦ ቀደምን ሎምን

ብዮናታን ኣርኣያ ዘማርያም (ዶ/ር)


## ማራ መፅናዕቲ

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ኣምሓርኛ ኣብ ስርዓታት ሃይለስላሴ፣ ደርግን ኢህወዴግን ኣብ ትግርኛ ዝነበሮን ዘለዎን ፅዕንቶ ምድህሳስ እዩ። ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ካብ ምሁራትን ዘወርቲ ታክሲን ብቃለ መሕትት፣ ካብ መፃሕፍቲ ብቢሂል መረፃ ካብ ዓውዲታት ታክሲን ኣብያተ ንግድን ድማ ብድርሳነ ዓውድ መረዳእታ ተኣኪቡ። ብምቕፃል እቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ትንታነታት ቴማን ዓሚቕ ብሂልን ብምጥቓም ተተንቲኑ። ስርዓታት ሃይለስላሴን ደርግን ዝተፈላለዩ ዉዲታት ብምጥቓም ንተዛረብቲ ትግርኛ ቋንቋ ኣዲኦም ገዲፎም ኣምሓርኛ ንክዛረቡ የገድዎም ነይሮም። ብተወሳኺ ትግርኛ ቋንቋ ኣብያተ ፍርዲ፣ ሃይማኖት፣ ስነ ፅሑፍን ትምህርትን ከይኸውን ብዕሊ ተኸልኺሉ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ትግርኛ ኣብ ስርዓታት ሃይለስላሴን ደርግን ዝሃነፅሉ መካነ መቃብር ቀልቀል በፂሑ ነይሩ። ኣብ ስርዓት ኢህወደግ ድማ ተዛረብቲ ትግርኛ ብፍላጥ ወይ ብዘይፍላጥ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘእተውዎ ይመስሉ። ካብቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ፍልይ ብዝበለ መልክዑ፣ ተጋሩ ቋንቋኦም ገዲፎም ኣብ ከተማታት ትግራይ ንንባዕሎም ኣምሓርኛ ምዝራብ ልሙድ ዕለታዊ ተግባሮም ኾይኑ ኣሎ። እዚ ክስተት ካብ ኩሎም ሓደጋታት ህልውና ቋንቋ እቲ ዝኸፍአ እዩ። እዚ ዝብሃል ሓደ ህዝቢ ፈትዩ ብኻልእ ቋንቋ ምውሓጥ እንተጀሚሩ ምምላሱ ብጣዕሚ ከቢድ ብምዃኑ እዩ። ስለዚ ትግርኛ ገዲፍካ ብኣምሓርኛ ናይ ምዝራብ ፀገም ኣዐርዩ ቅድሚ ምልባዱ መፍትሒ ምንዳይ ይግባእ። እቶም ቋንቋኦም ኣብ ዕሽሽ ምባል ዝርከቡ ኣካላት ድማ ኣብ ግጉይ ፍኖት ዘለው ምዃኖም ተረዲኦም ጌጋኦም ብምእራም ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ትግርኛ እጃሞም ክዋፀኡ ይግባእ።


ቑልፊ ቃላት፦ ቋንቋ፣ ትግርኛ፣ ኣምሓርኛ፣ ሎሚ፣ ቀደም፣ ፅዕንቶ

**ሰደቓ ትሕዝቶ**


ማራ መፅናዕቲ………………………………………………………………………………… i

1. መእተዊ……………………………………………………………………………………… 1

2. ዕላማ መፅናዕቲ……………………………………………………………………………… 1

3. ፀገም መፅናዕቲ……………………………………………………………………………… 1

4. ሜላ መፅናዕቲ……………………………………………………………………………… 2

4.1 ተሳተፍቲ መፅናዕትን መረፃኦምን…………………………………………………………… 2

4.2 መሳረሕታት መአከቢ መረዳእታ……………………………………………………………… 2

4.2.1 ቃለ መሕትት…………………………………………………………………………… 2

4.2.2 መረፃ ብሂል (Text Selection) ………………………………………………………… 3

4.2.3 ድርሳነ ዓውድን (Field Note) ትዕዝብትን (Observation) ……………………………… 3

4.3 መሳረሕታት ትንታነ መረዳእታ……………………………………………………………… 3

5. ትንታነ መረዳእታ……………………………………………………………………………… 3

5.1 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ብዘመነ ሃይለስላሴ…………………………………………………………… 3

5.2 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ብዘመነ ደርግ…………………………………………………………………… 5

5.3 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ብዘመነ ኢህወዴግ……………………………………………………………… 7

5.3.1 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ትግራይ………………………………………………………………… 8

5.3.2 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ኣብያተ ዕዮ ፌዴራል…………………………………………………… 12

6 . ደምዳምን ለበዋን…………………………………………………………………………… 14

ውኩሳት ድርሳናት…………………………………………………………………………… 16

## 1. መእተዊ

ቋንቋ ኩለንተና ሓደ ማሕበረሰብ እዩ፦ መግለፂ ባህሉ፣ መግለፂ መንነቱ፣ መግለፂ ሓሳቡ፣ መግለፂ ብርኪ ስልጣነኡ፣ መግለፂ ስምዒቱን ጀግንነቱን እዩ። ቋንቋ ካብ ህልውና ደቂ ሰብ ዘይነፃፀል ህልው በኩለሄ እዩ። ይኹን ደኣምበር ሓደ ማሕበረሰብ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ሓደ ቋንቋ ገዲፉ ብኻልእ ቋንቋ ምዝራብ ክጅምር ይኽእል። መብዛሕትኡ ጊዜ፣ ከምዚ ዓይነት ክስተት፣ ሓደ ቋንቋ ኣብ ልዕሊ ካልእ ቋንቋ ልዑል ፅዕንቶ ከስዕብ እንተሎ እዩ ዘጋጥም። ፅዕንቶ ቋንቋ ዝበሃል ሓደ ቋንቋ ኣብ ውሽጢ ፖለቲካዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ኢኮናሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ወዘተርፈ ዓውድታት ምጥቃም ካልእ ቋንቋ ኣትዩ ብኽፋል ወይ ምሉእ ንምሉእ ኢድ ብምእታው ኣብ ግልጋሎት ምውዓል እዩ። ፅዕንቶ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ጉጅለታት ብዘለዉ ዘይምርግጋኣት ዝፍጠር ቀፃልነት ዘለዎ ፍሕፍሕ እዩ (ግራምሲ፣ 1971) ምኽንያቱ ጉዳይ ዕብለላ ዝትግበር ዓቕሚ ዘይብሎም ጉጅለታት ብምፅቓጥ ጥራሕ ከይኮነስ ይኹንታ ተዓብለልቲ ንምርካብ መደናገሪ ሜላ ፅንሰ ሓሳብ ብምጥቃም እውን እዩ። ፅዕንቶ ቋንቋ ኣብ ዓውድታት ምሕደራ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብያተ ፍርድን ካልኦትን ይንፀባረቅ እዩ (ዮናታን፣ 2014)። ሓደ ቋንቋ ኣብ ውሽጥ ዓውደ ምጥቃም ወይ ዓውድታት ርክብ ህዝቢ፣ ትምህርቲ፣ ማሕበረሰብን ሃይማኖትን ካልእ ቋንቋ ኢድ ብምእታው ብለዓላዊነት ክፀዓን ይኽእል። ፅዕንቶ ቋንቋ እንተሊዩ ድማ ቃልሲ ኣሎ፤ ኣብ መንጎ ዓብላላይን ተዓብላላይን ቋንቋታት ዝካየድ ቃልሲ፤ ብሓደ ጊዜ ቋንቋኡ ዝርስዕ ማሕበረ ሰብ የለን። ኣንፃር እቶም ዓብለልቲ እናተቓለሰ ዕድመ ቋንቋኡ ከናውሕ ይኽእል፤ ካብ ምብራዝን ጥንታዊ ትሕዝትኡ ምቕያርን ግን ከድሕኖ ኣይኽእልን። ካብዚ ሓሊፉ፣ ዕብለላ ቋንቋ ምስ ዕድል ስራሕ፣ ዕብለላ ባህልን ምንፅብራቕ መንነትን እንድሕር ተዛሚዱ ዓውዲ ርክብ ቋንቋታት ዓውደ ኩናት ናይ ምኻን ዕድሉ ሰፊሕ እዩ (ዮናታን፣ 2014)።

## 2. ዕላማ መፅናዕቲ

ናይዚ መፅናዕቲ ዕላማ ኣምሓርኛ ኣብ ስርዓታት ሃይለስላሴ፣ ደርግን ኢህወደግን ኣብ ትግርኛ ዝነበሮን ዘለዎን ፅዕንቶ ብዕምቈት ምድህሳስ እዩ። እቶም ዝርዝር ዕላማታት ድማ፦

- ኣምሓርኛ ኣብ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ ትግርኛ ዝነበሮ ፅዕንቶ ምፍታሽ፣
- ኣምሓርኛ ኣብ ስርዓት ደርግ ኣብ ትግርኛ ዝነበሮ ፅዕንቶ ምፍላይ፣

- ኣምሓርኛ ኣብ ስርዓት ኢህወዴግ ኣብ ትግርኛ ዘለዎ ፅዕንቶ ምፍታሽ፣ ከምኡ እውን
- ዩኒቨርሲቲ ተምሃሮ፣ ነጋዶን ገናሕቲ ታክሲን ንትግርኛ ዝህብዎ ቦታ ምንፃር እዮም።

## 3. ፀገም መፅናዕቲ

ኣብ እዋናት ፀበባ ብዘይተረኣየ መልክዑ፣ ኣብዚ ጊዜ፣ ማዕርነት ቋንቋታት ኣብ ዝተረጋገፀሉ ዘመን፣ ተጋሩ ኣብ ትግርኛ ምጥቃም ዘለዎም ድልየት ይቅንስ ኣሎ ዝብል ኣረኣእያ ኣሎ። እዚ ትግራዋይ ኾይንካ ትግርኛ ዘይምጥቃም ክስተት ብብዙሓት ተጋሩ ግጉይ መንገዲ ከምዝኾነ ይእመን። ይኹን ደኣምበር እዚ ክስተት እንታይ ከም ዝመስል ዝሕብር መፅናዕቲ ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ስለዚ ብዝተፈላለዩ መፅናዕቲታት ክምላእ ዝግብኦ ሓጓፍ እዩ። ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ነዚ ሓጓፍ ብዝተወሰነ መልክዑ ምምላእ እዩ።

## 4. ሜላ መፅናዕቲ

ኣብዚ ንኡስ ርእሲ፣ ተሳተፍቲ መፅናዕትን መረፃኦምን፣ መሳረሕታት መአከቢ መረዳእታን ትንታነ መረዳእታን ከምዝዕብ ተገሊፆም እዮም።

### 4.1 ተሳተፍቲ መፅናዕትን መረፃኦምን

ሸውዓተ ምሁራንን ሸሞንተ ገናሕቲ ታክሲን ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብዚ መፅናዕቲ ተሳቲፎም። እቶም ሸውዓተ ምሁራን ብዘለዎም ፍሉይ ፍልጠት ፖሊሲ ቋንቋ ምኽንያት ብዕሉም ሜላ ተመሪፆም። እቶም ሸሞንተ ገናሕቲ ታክሲ ግን ብሃንደበታዊ ሜላ እዮም ተመሪፆም። ብመጀመርያ ካብ ዓውዲታት ታክሲ ከተማ መቐለ ኣርባዕተ ዓውዲታት ብሃንደበታዊ ሜላ ተመሪፀን። ካብ ሕድሕድ ዓውዲ ድማ ብሃንደበታዊ ሜላ 10 ታክሲ ተመሪፀን። ካብኡ እተን ዝተመረፃ ታክሲ ቑፅሪ ተዋሂብወን፤ እተን ቑፅሪታት ኣብ ማዕረ መጠን ዘለወን ወረቓቕቲ ፅሒፍኻ ድሕሪ ምጥቕላል፣ ካብ ሕድሕድ ዓውዲ ታክሲ ብሃንደበታዊ ሜላ ክልተ ገናሕቲ ታክሲ ተመሪፆም። ኣብ መወዳእታ፣ እቶም ሸውዓተ ምሁራንን ሸሞንተ ገናሕቲ ታክሲን ኣብ ቃለ መሕትት ተሳቲፎም።

## 4.2 መሳረሕታት መአከቢ መረዳእታ

ነዚ መፅናዕቲ ዝኸውን መረዳእታ ንምእካብ፣ ቃለ መሕትት፣ መረፃ ብሂልን ድርሳነ ዓውድን ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም።

### 4.2.1 ቃለ መሕትት

ኣምሓርኛ ኣብ ትግርኛ ዘለዎ ፅዕንቶ ንምፍታሽ፣ ቃለ መሕትት ተኻይዱ። ቃለ መሕትት ደቂ ሰባት ዘለዎም ልምዲ፣ ተሞክሮን ገምጋምን ግሁድ ዓለም ታይ ከምዝመስል ንምርዳእ ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ። ስለዚ ምሁራንን ገናሕቲ ታክሲን ኣብ ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ዘለዎም ሓሳብ ንምርዳእ ቃለ መሕትት ተኻይዱ።

### 4.2.2 መረፃ ብሂል (Text Selection)

ኣብዚ መፅናዕቲ፣ መረፃ ብሂል ካብ ድርሳናት ፖሊሲ ቋንቋ መንግስቲ ፌዴራል ብሂላት ፖሊሲ ቋንቋ ምምራፅ እዩ ዘመልክት። ስለዚ ካብ 1994 ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን፣ 1995 ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያን 2002 ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ትግበራኡን ኣርባዕተ ብሂላት ፖሊሲ ቋንቋ ብዕሉም ሜላ ተመሪፆም።

### 4.2.3 ድርሳነ ዓውድን (Field Note) ትዕዝብትን (Observation)

ኣብ ሕድሕድ ዓውዲ ታክሲ፣ ድርሳነ ዓውድን ትዕዝብትን ብምጥቓም ካብ ውሽጢን ደገን 10 ታክሲ መረዳእታ ተኣኪቡ፤ ከምኡ እውን ካብ ኣብያተ ን ሰለስተ መንገድታት መቐለ መረዳእታ ተኣኪቡ እዩ።

## 4.3 መሳረሕታት ትንታነ መረዳእታ

ካብ መስከረም 25/2009 እስካብ ጥቅምቲ 26/2009 ዓ/ም ኣብ ዘለዉ ጊዜያት፣ ብመረፃ ብሂል ዝተኣከበ መረዳእታ፣ ብትንታነ ዓሚቑ ብሂል (Critical Discourse Analysis) ብቃለ መሕትት፣ ድርሳነ ዓውዲን ትዕዝብትን ዝተኣከበ መረዳእታ ድማ ብትንታነ ቴማ (Thematic Analysis) ተንቲኑ።

## 5. ትንታነ መረዳእታ

ብቓለ መሕትት፣ መረፃ ብሂል፣ ድርሳነ ዓውዲን ትዕዝብትን ዝተኣከበ ዓይነታዊ መረዳእታ ብትንታነታት ዓሚቕ ብሂልን ቴማን ከምዝስዕብ ተተንቲኑ።

### 5.1 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ዘመነ ሃይለስላሴ

ብ1943 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ንመጀመርያ ጊዜ ፖሊሲ ቋንቋ ብዕሊ ተኣዊጁ። ብ1943 ዓ.ም.ፈ. ኣምሓርኛ ኦፊሳላዊ (ዕላዊ) ብሄራዊ ቋንቋ ኢትዮጵያን ቋንቋ ትምህርቲ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ግዝኣት ሃይለስላሴ ከምዝኾነ ተኣዊጁ፤ ካልኦት ሃገር በቑል ቋንቋታት ኸዓ ኩሎም ኣብ ጥቕሚ ከይውዕሉ ተኸልኪሎም (መኩርያ፣ 1997 ዓ.ም.ፈ.)። መኩርያ ከምዝብሎ ፖሊሲ ቋንቋ ሃይለስላሴ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብዘይካ ብኣምሓርኛ ብኻልእ ቋንቋ ስነ ፅሑፍ ከይፅሓፍ ኣጊዱ፤ ምጥቓም ኩሎም ሃገር በቑል ቋንቋታት እውን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብያተ ክርስትያን፣ ኣብያተ ፍርድታትን ህዝባዊ ኣብያተ ፅሕፈታትን መንግስታዊን ህዝባዊን ትካላት ዋላ ከይዝረቡ ኣጊድዎም። ባህሩ (2002 ዓ.ም.ፈ.፣ ገ፣ 140)፣ ንዕላዊ ንግግር ሚኒስተሪ ትምህርቲ ሳህሌ ፀዳሉ (1933 ዓ.ም.) ፀሪሑ፣ ነቲ እገዳ ከም ዝስዕብ ይገልፆ፦

> ጥንካረ ሓንቲ ሃገር ብሓድነታ እዩ ዝዕቀን፤ ሓድነት ሃገር ድማ ሓደ ሓበራዊ ቋንቋ፣ ልምድን ሃይማኖትን እንተልዩ እዩ ዝፍጠር። ስለዚ ጥንታዊ ልዕልነት ኢትዮጵያ ንምሕላውን ሓድነታ ንምጉላህን ቋንቋናን ሃይማኖትናን ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ንክስፍሕፋሕ ክእወጅ ኣለዎ። ኣምሓርኛን ግዕዝን ኦፊሳላዊ ቋንቋታት ዓለማዊን ሃይማኖታዊን ክኾኑ ኣለዎም፤ ኩሎም ቋንቋታት ፓጋን ድማ ግልጋሎት ንከይህቡ ክእገዱ ኣለዎም።

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ እገዳ፣ ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ንኹሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ጨፍሊቑ ሓደ ቋንቋን ባህልን ዘለዎ ማሕበረሰብ ንምፍጣር ትልሚ ሒዙ ይንቀሳቀስ ምንባሩ ይሕብር። ነዚ ብተግባር ንምትርጓም ድማ ኩሎም ቋንቋታት ኢትዮጵያ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቤተ ዕዮ ግልጋሎት ከይህቡ ተኣጊዶም። ስለዚ ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ትግርኛ ልክዕ ከም ካልኦት ቋንቋታት ኢትዮጵያ ኣብ ኩሎም

ማሕበራዊ ዓውዲታት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጥቕሚ ከይውዕል ኣዊጁ ከምዝነበረ እዩ ዘርእየና። ቋንቋ ትግርኛ ንቋንቋ ኣምሓርኛ ከመንምን ዝኽእል ፃህያይ ተባሂሉ፤ ስለ ዝኾነ ድማ ካብ ገፀ ምድር ንክውገድ ውዲታት ተፋሒሰሙሉ ነይሮም። ኣብ ኣብያተ እምነት፣ ኣብያተ ትምህርትን ኣብያተ ፍርድን ትግራይ፣ ኣምሓርኛ ንትግርኛ ተኪኡ ግልጋሎት ክህብ ሕገ መንግስታዊ ኣፍልጦ ተዋሂብዎ። ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃባይ ነዚ ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ ይብል፦

> ብዘበን ሃይለስላሴ ቋንቋ ትግርኛ ምዝራብ ዓብይ ወንጀል ከም ዝሰራሕኻ ይርአ ነይሩ። ትግርኛ ዝዛረብ ሰብ ፀረ ሓድነት ሃገር፣ ፀቢብ፣ ድሑር፣ ዘይሰልጠነ፣ ዘይተማህረ ሰብ ይበሃል ነይሩ። ኣብ ፍርድ ቤት፣ ትምህርት ቤት፣ ኣብ ኣኼባ፣ ኣብ ክብረ በዓላት ብትግርኛ ምፅሓፍ ይትረፍ ብትግርኛ ምዝራብ ዝተወገዘ እዩ ነይሩ። ብድንገት [ብሃንደበት] ትግርኛ ተተዛሪብኻ መራሕቲ መድረኽ የናሽዉኻ ወይ ድማ ማስጠንቀቅያ [መጠንቀቅታ] ይቡኻ።  ብዙሕ ግፍዒ ኢዩ ሓሊፉ። ስርዓት ሃይለስላሴ እዚ ኩሉ ግፍዒ ዘብፀሐልና ብሓደ ገፅ ቋንቋ ኣምሓርኛ ናብ ትግራይ ንምስፍሕፋሕ፣ በቲ ካልእ ገፅ ድማ ቋንቋ ትግርኛ ንምድኻም በዚ ኣቢሉ ድማ ተጋሩ ቋንቋኦም፣ ባህሎም፣ መንነቶም፣ ትግራውነቶም ረሲዖም ኣምሓሩ ንክኾኑ እዩ ነይሩ።

ስለዚ ኣብ እዋን ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ኣምሓርኛ ወስቀስ ብዘየብል መልክዑ ኣብ ልዕሊ ትግርኛ ተፃዒኑ ከምዝነበረ ምርዳእ ይከኣል። ብዘመነ ሃይለስላሴ ዝነበረ ኩነት እንትውሳእ ኣምሓርኛ ንትግርኛ ዓብሊልዎ ጥራሕ ከይኾነስ፣ መንቐሳቐሲ ከምዘይረክብ ገይሩ ሓኒቑ ሒዝዎ ነይሩ፤ ርእሱ ከየቕንዕ ብተደጋጋሚ ይቕጥቕጦ ነይሩ ዘብል እዩ።

## 5.2 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ዘመነ ደርግ

ስርዓት ደርግ ዓመፅ ሚያዝያ 1966 ዓ.ም. ብዝፈጠረሉ ጥጡሕ ባይታ ተጠቒሙ መንግስታዊ ስልጣን ምስዓተረ ቋንቋ፣ ባህልን ምሕደራን መሰረት ዝገበሩ ማርክሳዊ ሌኒናዊ ርእዮተ ዓለም ዝተላበሱ ተስፋ ወሃብቲ ሓሳባት ኣዊጁ። ንኣብነት ኣንቀፅ 5፣ National Democratic Revolution Program of Socialist Ethiopia (1976) ከም ዝስዕብ ይብል፦

መሰል ዓርሰ ውሳነ ኩሎም ብሄራት ምስ ምሉእ ክብሩ ኣፍልጦ ክወሃቦ እዩ። ብመሰረት ፅንሰ ሓሳብ ሶሻሊዝም ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ቋንቋን ሃይማኖትን ሕድሕድ ብሄረሰብ ኣፍልጦ ስለ ዝረክብ ሓደ ብሄረሰብ ካልእ ብሄረሰብ ምጭቋን ኣይኽእልን። ሓደ ብሄረሰብ ትሕዝቶ ፖለቲካ፣ ኢኮኖሚን ማሕበራዊ ህይወትን ከባቢኡ ናይ ምውሳን፣ ከምኡ እውን ቋንቋኡ ናይ ምጥቃምን ኣመሓደርቱን ምሕደራኡን ናይ ምምራፅ መሰል ኣለዎ።

እዚ ኣዋጅ ብፅንሰ ሓሳብ ደረጃ መሰል ብሄራትን ብሄረሰባትን ማእኸል ዝገበረ ይመስል፤ ብተግባር እንትርአ ግን፣ ፖሊሲ ቋንቋ ደርግ ካብ ፖሊሲ ቋንቋ ሃይለስላሴ ዝተፈለየ ኣይኮነን። ክልቲኦም ፖሊሲታት ቋንቋ ኣሃዳዊ ስለ ዝኾኑ ዳርጋ ክልተ ገፃት ሓንቲ ሳንቲም እዮም። ኣፈላላዮም ናይ ኣዋጅ ጥራሕ እዩ። ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ ኩሉ መዳይ ሓንቲ ቋንቋ ጥራሓ ክንጥቀም ኣለና ኢሉ ኣውጁ፤ ብተግባር እውን ተርጕምዎ። ብኣንፃሩ ስርዓት ደርግ በቲ ዝነበረ ወድዓዊ ኩነት ተገዲዱ ማዕርነት ብሄራት ንምርግጋፅ መብዛሕትኦም ቋንቋታት ኢትዮጵያ ኣብ ጥቅሚ ክውዕሉ እዮም ኢሉ ኣዊጁ። ይኹን ደኣምበር እቲ ኣዋጅ ካብ ወረቐት ዝዘለለ ስለ ዘይነበረ ፋይዳ ኣይነበሮን ኢልካ ምውሳድ ይከኣል። ብዝኾነ ግን መደናገሪ ኣዋጅ ፖሊሲ ቋንቋ ደርግ በቲ ወቕቲ ብብዙሓት ኢትዮጵያን ምሁራን ተቐባልነት ዝነበሮ ሌኒናዊ ርእዮተ ዓለም መሰረት ዝገበረ ስለ ዝነበረ ዋላ ንሓፂር እዋን ዝፀንሐ ይኹን እምበር ኣብ ህዝቢ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ምሁር ክፍሊ ምድንጋር ፈጢሩ ነይሩ።

ፖሊሲ ቋንቋ ደርግ ብፅንሰ ሓሳብ ሌኒናዊ ብተግባር ድማ ስታሊናዊ ምኳኑ ቀልጢፎም ዝተረድኡ ኢትዮጵያውያን ግን እስካዕ ብረታዊ ቓልሲ ብምእዋጅ ብትረት ተቓዊሞሞ። ከም ዝፍለጥ፣ ፖሊሲ ቋንቋ ስታሊን ኣሃዳዊን ዓፋናይን ኾይኑ ቋንቋ ሩስያ ብምስፍሕፋሕ ብቋንቋን ባህልን ዝመሳሰል ህዝቢ ዘለዋ ጠንካራ ሃገር ምፍጣር እዩ። ኣብ 1930ታት ዓ.ም.ፈ. ፖሊሲ ቋንቋ ሌኒን፣ ብሞዴል ስግግር መንግስቲ ስታሊን ተተኪኡ፤ ሓገዝ ቋንቋ ብሄራት ብምቁራፅ መቀፀልታ ምስፍሕፋሕ ሩስያ (russification) ሕገመንግስቲ ዛር ምኳኑ ተረጋጊፁ (ስፖልስኪ፣ 2004 ዓ.ም.ፈ.)። ስለ ዝኾነ ድማ ህዳጣን ሩስያ ዓሚፆም ፖሊሲ ቋንቋ ስታሊን ብተግባር ከይትርጎም ገይሮሞ። ብተመሳሳሊ ፖሊሲ ቋንቋ ደርግ ብፅንሰ ሓሳብ መሰል ቋንቋን ባህልን ክኽበር እዩ እናበለ ህዝቢ ብምትላል ብተግባር ድማ ኣምሓርኛ ጥራሕ ብምስፍሕፋሕ ኩሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ቋንቋኦምን ባህሎምን ገዲፎም ኣምሓሩ ክመስሉ ብምግባር ጠንጋራ ሃገር ምፍጣር እዩ ነይሩ። እዚ ኩነት፣ ደርግ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ኣምሓሩ ምስኣተወ እዩ ብግልፂ ተራእዩ። ሓዱሽ ምሕደራ ደርግ፣ ልክዕ ካልኦት ሓደሽቲ ኣመሓደርቲ ከምዝገብርዎ፣ ኩሎም ብሄራት ማዕረ እዮም ዕድሎም ድማ ባዕሎም ክውሰኑ ይኽእሉ፤ ኢሉ

እንተብቅዕ፣ ነዚ ተስፋ ወሃባይ ኣተሓሳስባ ኣምሓሩ ዘይኮኑ ምሁራት ካብ ስልጣን ብምብራር ብዙሕ ከይፀንሐ ክጠፍእ ገይርዎ (ገልነር፣ 1983 ዓ.ም.ፈ.)። ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃባይ ነዚ ብዝምልከት እዚ ዝዕብ ይብል፦

> ቋንቋና ብዘበን ደርግ  ቋንቋ ዑፍ” ይበሃል ነይሩ። እዚ ማለት ደቂ ሰባት ክዛረቡሉ ኣይግባእን ማለት እዩ። " ብምንታይ ድኣ ክዛረቡ ነይርዎም"  ዝብል ሕቶ ተልዒልና " ባምሓርኛ ጥራይ"  እዩ መልሱ። ናይዚ ዕላማ ኣብ ተዛረብቲ ትግርኛ ፅዕንቶ ፈጢርኻ፣ ብቋንቋኦም ምዝራብ ክገድፉ፣ ወይ ድማ ብመንነቶም ከይኾርዑ ገይርካ ቋንቋ ትግርኛ ምድኻም እዩ ነይሩ።

ካብዚ ሓሳብ ቀንዲ መረዳእታ ወሃባይ፣ ደርግ ብፖሊሲ ደረጃ መሰል ዓርሰ ውሳነ ኩሎም ብሄራት ክኽበር እዩ ይብል፤ ብተግባር ግን ቋንቋን ህዝቢ ገለ ብሄራትን፣ ንኣብነት ብሄረ ትግራይ፣ ነፂልካ ብምውቃዕ  ቋንቋኦም፣ ባህሎም፣ መንነቶምን ስልጣነኦምን ብምድኻም ዓርሰ እምነቶም ሸርሺርካ ሓያሎ እሴታት ዝወነነ ሓደ ህዝቢ ኮይኑ ከይቅፅል ዝገብሩ ውዲታት ይፍሕስ ነይሩ። እዚ ግጉይ ኣካይዳ ደርግ ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ፀረ ህልውናኦም ምኳኑ ስለ ዝተረደኡ ብዙሕ ከይፀንሐ ብውልቀን ብጉጅለን ተቓዊሞሞ እዮም። ኣብ ትግራይ ብዙሓት ሰባት ቋንቋን ባህልን ትግራይ ንከይጠፍ ብጉጅለን ብውልቀ ሰብን ከቢድ መስዋእቲ ከፊሎም እዮም። ንኣብነት ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃባይ ንክብሪ ቋንቋኦም መስዋእቲ ካብ ዝኸፈሉ ሰባት ሓደ ፀሪሑ ነዚ ዝዕብ ይብል፦

> ብዘበን ደርግ ኣብ ከተማ መቐለ ቤት ሻሂ ዝነበሮም ሓደ ትግራዋይ “ቤት ሻሂ  ኢሎም ብምፅሓፍ ስም ትካሎም ይልጥፉ። ብድሕሪኡ ሰበ ስልጣን ደርግ እቲ ሓበሬታ ይበፅሖም እሞ ከይዶም  ብህፁፅ ናብ ኣምሓርኛ ቀይርካ ፅሓፎ  ኢሎም ሓውሲ ምፍርራሕ ዝተመልኦ ትእዛዝ ይህብዎም። እቶም ሰብኣይ ሓቦኛ ትግራዋይ፣ ንቋንቋኦም ልዑል ፍቕሪ ዘለዎም ስለ ዝነበሩ ብዓበይቲ ፊደላት “ሻሂ ቤት  ኢሎም ኣብ ትሕቲኣ ኸዓ ብኣናእሽተይ ፊደላት  ቤት ሻሂ  ኢሎም ይፅሕፉ እሞ ይልጥፉ። ... እዞም ሰብኣይ ኣብቲ እዋን መዘራረቢ ኾይኖም ነይሮም። ገሊኡ “ጅግና ይብሎም፤” ገሊኡ ኸዓ “ክነብር ‘ዶ ኣይደልን እዩ  ይብሎም ነይሩ። ማለት በቲ እዋን ከምዚ ምግባር  ዋላ ይኽተሉኒ  ማለት እዩ።

ብብርኪ ውልቀ ሰብ ቋንቋን ባህልን ትግርኛ ዓቂብካ ናብ ቐፃሊ ወለዶ ንምሕላፍ ተጋሩ ኣያታት ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተፀርሐ ተጋድሎ ብበዝሒ ፈፂሞም እዮም። ብጉጅለ ድማ ተወለድቲ ብሄረ ትግራይ፣ ህልውና ቋንቋን ባህልን ትግራይ ንምርግጋፅ፣ ቅድሚ ኩሉ ብሄር ብረታዊ ቓልሲ ብምጅማር ድሕሪ መሪር ተጋድሎ 17 ዓመት ስርዓት ደርግ ካብ ገፀ ምድር ኣጥፊኦሞ፤ ኣሃዳዊ ፖሊሲ ቋንቋ ደርግ ድማ ልክዕ ከም ፖሊሲ ቋንቋ ስታሊን ኣብ ወረቀት ክተርፍ ገይሮሞ።

## 5.3 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ዘመነ ኢህወዴግ

ድሕሪ ውድቀት ደርግ፣ ፖሊሲ ብዙሕነት ቋንቋ ሕገመንግስታዊ ኣፍልጦ ረኺቡ፤ ብተግባር ድማ ተተርጒሙ። ንኣብነት ኣንቀፅ 5፣ 1995 ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ ኩሎም ቋንቋታት ኢትዮጵያ ብማዕርነት ኣፍልጦ ክህልዎም እዩ ይብል። እዚ ሕገመንግስታዊ ሙሉእ ሓሳብ ማዕርነት ቋንቋታት ዝገልፅ ፅሑፍ ቋንቋ እዩ። ብ"ክህልዎም ዝብል ግድንነት ዘመልክት (deontic modal) እዩ ተገሊፁ። እዚ ንኹሎም ቋንቋታት ኣፍልጦ ምሃብ ናይ ኩሎም ኢትዮጵያን ግዴታ ምዃኑ እዩ ዘርእየና። ብተወሳኺ ቃላዊ ትንታነ ሕገ መንግስታዊ ሙሉእ ሓሳብ እንተርኢና፣ "ኩሎም ቋንቋታት ኢትዮጵያ ዝብል ጉጅለ ቃላት፣ ንኹሎም ሃገር በቖል ቋንቋታት (ብዙሕ ወይ ውሑድ ተዛራቢ ይሃልዎም ብዘየገድስ) እዩ ዘመልክት። "ብማዕርነት ኣፍልጦ ክህልዎም እዩ ዝብል ሓረግ ግን ግልፅነት ዝጎደሎ እዩ ዝመስል። ምኽንያቱ ኣፍልጦ ምሃብ ንበይኑ ማዕርነት ቋንቋታት ኣየምፅእን፤ ብተግባር ዝትርጐም ምዃኑ ዝገልፅ ሓረግ ክህሊ ነይርዎ። ነዚ እውን ይመስል እስካብ ሐዚ ብብርኪ ፌዴራል ብካልኦት ተናሓነሕቲ ቋንቋታት ግልጋሎት ምሃብ ከይተጀመረ ዝፀንሐ። ስለዚ ማዕርነት ቋንቋታት ብብርኪ ፌዴራል ብተግባር ክንፀባረቕ ዘይተኸኣለሉ ዋና ምኽንያት ጠንካራ ትእዛዝን ውፉይነት መንግስቲን ስለ ዝተጓደለ እዩ። ትንታነ ማሕበረ ባህላዊ እቲ ፖሊሲ እንተርኢና፣ ቅድሚ ውድቀት ደርግ ቋንቋታት ብማዕርነት ኣፍልጦ ዘይረኸቡ ምንባሮም፣ ስለዚ ማዕርነት ቋንቋታት ምርግጋፅ ነቲ ዝነበረ ኣድላዊ ኣጠቃቅማ ቋንቋን ነዚ ስዒቡዎም ዝመፁ ጎንፅታትን ንምትራፍ ዝጠቅም ሜላ እዩ ዝብል ብሂል ኣለዎ።

ምስ እቲ ልዕል ኢሉ ዝተተንተነ ሙሉእ ሓሳብ ብተፃፃሪ፣ ኣንቀፅ 5፣ 1995 ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ "ኣምሓርኛ ቋንቋ ስራሕ መንግስቲ ፌዴራል ክኸውን ኣለዎ ይብል። እዚ ፅሑፍ ቋንቋ፣ ኣብ ዘውገ (genere) ፖሊሲ ቋንቋ ዝምደብ ሙሉእ ሓሳብ እዩ፤ ከምኡ እውን ኣብ ብዙሓት ተነሓነሕቲ ቋንቋታት ዘለዉዋ ሃገር ኣምሓርኛ ጥራሕ መሳረሒ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ፌዴራል ክኸውን ከምዘለዎ ዝገልፅ እዩ። እዚ ሕገ መንግስታዊ ሙሉእ ሓሳብ ብግድንነት ዘመልክት ኣለዎ (shall) ዝብል (deontic

modal) እዩ ተገሊፁ። እዚ ግድንነት ብዘመልክት ቃል ተገሊፁ ዘሎ ፖሊሲ ቋንቋ፣ ብፍላይ ድማ ሕገ መንግስታዊ ሙሉእ ሓሳብ ስለ ዝኾነ፣ ሰበ ስልጣን መንግስቲን ካልኦት ኢትዮጵያንን ተቀቢሎም ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ይግደዱ።

ብተወሳኺ ኣምሓርኛ ብሕታዊ ቋንቋ መንግስቲ ፌዴራል ንክኸውን ዘኽእሎ ምኽንያት፣ ኣብ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ትግበራኡን ከምዝስዕብ ተፃሒፉ ይርከብ፦ “ብምኽንያት ገለ ታሪኻዊ ክስተት፣ ብትሕዝቶን ዝርግሐን ከም ሓበራዊ ብሄራዊ ቋንቋ ኮይኑ ዕዙዝ ግልጋሎት ክህብ ዝኽእል ቋንቋ ኣምሓርኛ እዩ (ሚኒስትሪ ትምህርቲ፣ 2002፣ ገ፣ 40)። እዚ ፅሑፍ ቋንቋ (written language) ኾይኑ ይኽእል ብዝብል ግድንነት ዘመልክት ቃል እዩ ተገሊፁ። እዚ ሙሉእ ሓሳብ፣ ኣምሓርኛ ብሕታዊ ቋንቋ መንግስቲ ፌዴራል ንክኸውን ዘኽእልዎ ባህርያት ታሪኻዊ ክስተት ፣ ትሕዝቶ ፣ዝርግሐን ዕዙዝ ግልጋሎትን ክምዝኾኑ ይሕብር። እዚኦም ኩሎም ታሪካዊ ውርስታት ኣምሓርኛ እዮም፤ ካልኦት ቋንቋታት ኢትዮጵያ እቶም ቅድም ኢሎም ዝተዘርዘሩ ባህርያት ኣምሓርኛን ታሪኻዊ ውርሲን ከምዘይብሎም ይዝንትዉ፤ ከምኡ እውን ምስ ኣምሓርኛ ማዕረ ከምዘይኾኑ ይሕብሩ። ብኻሊእ ኣገላልፃ፣ ካልኦት ቋንቋታት ታሪኻዊ ውርሲ ዘይብሎም፣ ትሕዝቶኦም ድሩት፣ ዝርግሐኦም ውሱንን ዝህብዎ ግልጋሎት ዘይረብሕን ስለ ዝኾነ ቋንቋታት መንግስቲ ፌዴራል ክኾኑ ኣይኽእሉን፤ ስለዚ ኣብ ክልልን ካልኦት ንኡሳት ዓውዲታትን ተሓፂሮም ክተርፉ ኣለዎም ዝብል ትርጉም ይህብ። እዚ ኣብ ማሕበራዊ ክንውን (social practice) ኢትዮጵያ ማዕርነት ቋንቋታት ዘይምህላዉ፣ ኣብ ብሂላት ፖሊሲ ቋንቋ መንግስቲ ድማ ተፃብኦ ምህላዉ የርእየና። ምኽንያቱ ብሓደ ገፅ ኩሎም ቋንቋታት ማዕረ እዮም ይብል፤ በቲ ካልእ ድማ ካልኦት ተነሓነሕቲ ቋንቋታት ናብ ጎኒ ገዲፉ ኣምሓርኛ ብሕታዊ ቋንቋ መንግስቲ ፌዴራል ገይሩ ይስይም።

### 5.3.1 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ትግራይ

ቋንቋኻ ብካልኦት ክልመድን ክዝረብን ምድላይ ባህርያዊ እዩ። ዋላ ህዝብታት ምዕቡላት ሃገራት ዘንፀባርቕዎ ባህርይ እዩ። ንኣብነት ኖርዌይን ጀርመንን እንተወሲድና ቋንቋ እተን ሃገራት ዘይኽእል ሰብ ስራሕ ኣይረክብን። ቋንቋ እተን ሃገራት ከይተመሃርካ ዕድል ትምህርቲ ኣይትረኽብን። እዚ ካልእ ሰብ ቋንቋኦም ንክመሃረሎም ዘገድዱ ምኽንያቶም ዘርእየና እዩ። ስለዚ ሓደ ብሄር ወይ ብሄረሰብ ቋንቋኡ ሰብ ካልእ ብሄር ወይ ብሄረሰብ ክመሃርሉ ወይ ክፈልጥሉ ምድላይ፣ ንሱ ድማ ብግደኡ ናይ ካልእ ብሄር ወይ ብሄረሰብ ቋንቋ ክመሃር ወይ ክፈልጥ ምድላይ ሰናይ ተግባር እዩ። ፖሊሲ ቋንቋ ኢትዮጵያ እውን ነዚ

እዩ ዝድግፍ።

ብ1994 ዝወፀ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን መንግስቲ ኢትዮጵያ ከምዝብሎ ... ባህላዊ ርክባት ንምጥንኻር ተምሃሮ [ኢትዮጵያ] እንተወሓደ ቋንቋ ሓደ ብሄረሰብ [ብሄር] መሪፆም ክመሃሩ ኣለዎም"። እዚ ሙሉእ ሓሳብ ፖሊሲ ቋንቋ፣ ኩሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ኢትዮጵያ ካብ ቋንቋ ኣደኦም ብተወሳኺ ካልእ ቋንቋ መሪፆም ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ንክመሃሩ ዘገድድ እዩ። በዚ መሰረት እውን ኩሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን፣ ብዘይካ ኣምሓሩ፣ እንተወሓደ ሓደ ቋንቋ (ኣምሓርኛ) ንክመሃሩ ተገይሩ እዩ። ስለዚ እዚ ፖሊሲ ቋንቋ ብተግባር ንከይትርጐም ዝተቓወመ እንኮ ብሄር ኣምሓራ እዩ፤ ካልኦት ብሄራትን ብሄረሰባትን ግን ነቲ በቶም ካልእ ሃገራዊ ቋንቋ ኣይንመሃርን ኢሎም ዝኣበዩ ዝዝረብ ቋንቋ ንክመሃሩ ተገይሩ (ዮናታን፣ 2014)። ብዛዕባ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ ካሊእ ቋንቋ ኣይንመሃርን ኢሎም ምእባይ፣ ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃቢ፣ ከምዚ ዝዕብ ይብል፦

> ሓደ እዋን፣ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ፣ ቋንቋ ሓደ ብሄረሰብ ክመሃሩ ኣለዎም ኢሉ መንግስቲ ክልል ኣምሓራ ይውስን እሞ፣ ኦሮምኛ ዶ ወይስ ትግርኛ ይመሃሩ? ዝብል መማረፂ ይቀርብ። ኣብ መወዳእታ ካብ ተምሃሮን መምህራንን ተወከልቲ ኣብ ዘለውሉ ምይይጥ ትግርኛ ኢና ንመሃር ኢሎም ይውስኑ። ብድሕሪኡ መፃሕፍቲ ተዳሊዎም ትግርኛ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ክወሃብ ክጅምር ምስበለ ተምሃሮ ከተማታት ባህርዳርን ጎንደርን ትግርኛ ኣይንመሃርን ኢሎም ሰላማዊ ሰልፊ ወፂኦም እዮም። ካብዚ ሓሊፉ በቲ እዋን፣ ምስ ፖለቲካ ከተኣሳስርዎ ይሙኩሩ ነይሮም።

እዚ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ፣ ኣብ ክልሎም ኮይኖም ካብ ቋንቋኦም ወፃኢ ካልእ ሃገራዊ ቋንቋ ክመሃሩ ድልየት ከምዘይብሎም እዩ ዘርእየና። እኳደኣስ ኣብ ካሊእ ክልል እናነበሩ እውን ኣብ ልዕሊ ካልእ ቋንቋ ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ክንፀባረቕ ይገብሩ እዮም። ንኣብነት ክልል ትግራይ እንተወሲድና፣ ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃቢ፣ ነቲ ዘሎ ወድዓዊ ኩነት ከምዝስዕብ ይገልፆ፦

> ተዛረብቲ ኣምሓርኛ፣ ዋላ ን20 ዓመት ኣብ ትግራይ ተተቀሚጦም ትግርኛ ንምፍላጥ ወይ ብትግርኛ ንምዝራብ ኣይምኩርን። ናይ ምምኳር ድልየት እውን ዘለዎም ኣይመስሉን። እቲ

> ዝገደደ ግን መምህራንን ተምሃሮን ዩኒቨርስትታት ትግራይ ኣሰሮም ስዒቦም ንቋንቋኦም ትሑት ክብሪ ብምሃብ፣ ኣምሓርኛ ልዑል ክብሪ ዘለዎ ቋንቋ ገይሮም ብምውሳድ ብተደጋጋሚ እናተጠቐምሉ ምርኣይ እዩ። ... ዋላ ንንባዕሎም ኣዘውቲሮም ብኣምሓርኛ ይዛረቡ እዮም። ከምዚ ምግባር ንቋንቋኻ ክብሪ ዘይምሃብ እዩ ዘርኢ፤ ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩ ካልኦት ህዝብታት ስለ ንሶም፣ ስለ ህዝቦም፣ ስለ ቋንቋኦም፣ ስለ ባህሎም፣ ስለ መንነቶም ዘለዎም ኣረኣእያ ብዝግባእ ዘይምርዳእ እዩ ዘርኢ። ብስሩ እውን እኮ እዚ ትውልዲ ኣሰር ወለዱ ዝተኸተለ ኣይመስልን። ዓበይቲ ተጋሩ፣ ንመን ክብሪ ከምዝግብኦ ፈሊጦም ይፈልጡ እዮም። ታሪኻዊ፣ ባህላዊ፣ ህዝባዊ እሴቶም ንዘየኽብር ክብሪ ኣይህቡን፤ ካብኡ ሓሊፎም ንክብርታቶም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ወይ ዘናሹ እንተኾይኑ እስካብ ብረት ወይ ካልእ ሜላ ተጠቂሞም ይቃለስዎ ነይሮም።

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተፀርሐ ሓሳብ፣ መናእሰይ ሎሚ ምስቶም ክብርታት ትግራይ ክዓቢ ወይ ክንፀባረቕ ዘይደልዩ ሰባት ብዘይነኣኣስ መልክዑ ባህሎምን ቋንቋኦምን ዕሸሽ ይብሉ ዘለዉ ምኽኖም እዩ ዘርእየና። ቋንቋኻ ገዲፍካ ብካልእ ቋንቋ ምዝራብ ንቋንቋኻ ዘለካ ተኣማኒነትን፣ ንቋንቋኻ እትህቦ ክብሪን ትሑት ምኳኑ እዩ ዘርኢ። እዚ ክስተት ምስ ብዘመነ ሃይለስላሴ ዝነበሩ ተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ እንትነፃፀር ተፃባኢ እዩ። ብዘመነ ሃይለስላሴ ዝነበሩ ተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ንቋንቋኦም ዝነበሮም ተኣማኒነትን ይህብዎ ዝነበረ ክብሪን ብጣዕሚ ልዑል ከምዝነበረ በቲ ዘመን ዝተኻየዱ መፅናዕቲታት ይሕብሩ። ንኣብነት ብኩፐር (1976 ዓ.ም.ፈ.) ዝተኻየደ መፅናዕቲ ብዘመነ ሃይለስላሴ ዝነበሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ፣ ካብ ኣምሓሩ ዘይኾኑ ውሽጢ፣ ተጋሩ ካብ ኦሮሞን ጉራጌን ብዝሓሸ መልክዑ ንቋንቋ ኣደኦም ተኣመንቲ ከምዝነበሩ ይገልፅ። ተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ፤ ንቋንቋኦም ክብሪ ዝህቡ፣ ብካልኦት ዘይፅለዉን ብቋንቋኦም ባህሎምን ኣዐርዮም ዝኾርዑን እዮም ነይሮም። እዚ ተርእዮ ኣብ ኣዲስ ኣባባ ዩኒቨርሲቲ፣ በቲ ዘመን ዝነበረ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ኢትዮጵያ እዩ ተከሲቱ። ተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ዋላ ዝተፈላለዩ ፅዕንቶታት የጓንፍዎም፣ ዓርሰ እምነት ብዝተመልኦ መንገዲ፣ ብቋንቋኦም ይዛረቡን ቋንቋኦም ብጣዕሚ ከምዝፈዩ ብተግባር የርእዩን ትግርኛ ገዲፎም ቋንቋ ኣምሓርኛ ክዛረቡ ከምዘይደልዩ ሓሳቦም ይገልፁን ነይሮም። እንተ ተምሃሮ ሎሚ ዘመን ግን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባን ዩኒቨርሲቲታት ካልኦት ክልላትን ይትረፍ፣ ልዕል ኢሉ ከምዝተሓበረ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ክልሎም፣ ኣብ ሑቕፊ ህዝቢ ትግራይ ኮይኖም እውን ካብ ብትግርኛ ብኣምሓርኛ ናይ ምዝራብ ድልየት ዘለዎም እዮም ዝመስሉ።

ብተወሳኺ ነጋዶ ትካሎም ኣብ ምስያም ወነንቲ ታክሲ ድማ ኣብ ውሽጢን ደገን ታክሶም ጥቕስን

ስያሜን ንምፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ናይ ምጥቓም መጠን ንምፍታሽ ተሞኪሩ እዩ። ካብ ትካላት ንግዲ ዝበዝሕወን መንገዲታት ከተማ መቐለ ሰለስተ (ፍኖተ ሓኽፈን፣ ካብ ኣደባባይ ሮማናት ናብ ኣደባባይ ሓውዜን ዝወስድ መንገዲ፣ ፍኖተ ኣሉላ፣ ካብ ኣደባባይ ሮማናት ናብ ኣደባባይ ብርዒ[1] ዝወስድ መንገዲ፣ ፍኖተ ሆሳእና፣ ካብ ዋና ቕርንጣፍ ባንኪ ንግዲ ናብ ሆቴል ኣኽሱም ዝወስድ መንገዲ) ከምኡ እውን ካብ ዓውዲታት ታክሲ ኣርባዕተ (ሓዱሽ መንደር ላጪ፣ ዓዲ ሓውሲ፣ ማጅክ ካርፔትን ሓወልቲን) ብሃንደበታዊ መርኣያ ድሕሪ ምምራፅ፣ ብድርሳነ ዓውድን (field note) ቃለ መሕትትን መረዳእታ ተኣኪቡ፤ ከምዚ ዝስዕብ ድማ ተተንቲኑ።

ካብ 40 ታክሲታት ውሽጢ 27 (25 ሚእታዊ) ብኣምሓርኛ፣ 2 (5 ሚእታዊ) ብኣምሓርኛን ግዕዝን (ግዕዝ ካብ እብራይስጥ ዝተለቀሓም ቃላት)፣ 1 (2.5 ሚእታዊ) ብእንግሊዝኛ ዝተፃሕፉ ጥቕሲታትን ስያሜታትን ዝተለጠፈን፣ እተን ዝተረፋ 10 (25 ሚእታዊ) ድማ ጥቕሲ ዘይተለጠፈን እየን። እቲ ጥቕሲ ወይ ስያሜ ኣብ ደገ ወይ ኣብ ውሽጢ ዝተለጠፈ እዩ። ኣብ ደገ ካብ ዝተለጠፉ ስያሜታት ታክሲ ዝተወሰኑ ንምፅራሕ፦

- ሩሃማ
- ጌቴሴማኒ
- ቅዱስ ሚካኤል ተከተለኝ
- ምን ኣለው ሳይል፣ የወደደኝ ክርስቶስ ብቻ ነው
- የ16 ስጦታ
- የሚረዳኝ የለምና፣ ከኔ ኣትራቅ
- ጌታ እኮ ነው
- ቋንቋየነሽ
- የፍቅር እናት የሰላም

---

ስርዋፅ[1] ኣደባባይ ብርዒ ከባቢ ካስል ደገዝማቲ ኣብርሃ ዘላ ኣብ ማእኸላ ናይ ብርዒ ወይ ቢሮ ሓወልቲ ዘለዋ ኣደባባይ እያ።

- Manchester United
- ዝም
- ነገር ሁሉ፣ ለበጎ ነው
- እንደ ሰው ቢሆንማ
- ፍቅር ያሸንፋል

ኣብ ውሽጢ ታክሲ ካብ ዝተለጠፉ ጥቕሲታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፡-

- የህዳሴው ግድብ እስኪጠናቀቅ፣ ጠጋ ብለን እንቀመጥ
- ለወሬ ከሚሮጡ፣ ሰርተው ይለወጡ
- ዜብራ ነው ብለህ እንዳትተኛ
- የቆሸሸ እጅ፣ የፀዳ ብር ያመጣል
- ሰርቆ ከማሰብ፣ እጅ መሰብሰብ
- በእግዚአብሔር ደስ ይበልህ፣ የልብህን መሻት ይሰጠሃልና
- ወንድ ሆይ ሱሪህን ሳይሆን፣ ራስህን ዝቅ አድርግ
- ፍቅር ካለ፣ ታክሲ ባስ ይሆናል
- የምያነብ አእምሮ፣ ፆሙ አያድርም
- የሰው ክብሩ፣ ቃሉ ነው
- አይደለም ከስልጣን፣ ከጫት መነሳት ይከብዳል
- በጣም ለፍላፊ ሰው፣ አነስተኛ እውቀት ያለው ነው
- ያልተማረ ሃብታም፣ ደሃን የገዛ ይመስለዋል

- ከቻልክ ጥሩ ነገር ተናገር፣ አልያም ዝም በል

“ታክሲታት፣ መብዘሕትኡ ጊዜ ብኣምሓርኛ እየን ዝስየማ ወይ ብኣምሓርኛ ዝተፃሕፈ ጥቕሲ እዩ ዝልጠፈለን፤ ምኽንያቱ ዶ ይፈልጥዎ ይኾኑ?” ዝብል ሕቶ ዝተልዓለሎም ገናሕቲ ታክሲ፣ እቶም ጥቕሲ ዘምፅኡ ሰባት ብትግርኛ ዝተፃሕፈ ስለዘይብሎም፣ ምሃለወ ግን ቋንቋና ስለዝኾነ ምገዛእና ነይርና ይብሉ። ገሊኦም ድማ ኣምሓርኛ ንምፅሓፍ ቐሊል ስለዝኾነ፣ ብኣምሓርኛ ምፅሓፍ ስለዝተለመደ ዝብል መልሲ እዩ ዘለዎም። ብኻሊእ ወገን እቶም ጥቕሲ ዘይለጠፉ ገናሕቲ ታክሲ፣ “ኣብ ውሽጢ ወይ ደገ ታክሲ ጥቕሲ ምልጣፍ ዝተለመደ እዩ፤ ናቶም ታክሲ ግን ጥቕሲ ኣይተለጠፈላን፣ ምኽንያቶም ዶ ክገልፁ ይኽእሉ?” ዝብል ሕቶ ዝቐረበሎም ገናሕቲ ታክሲ፣ ገሊኦም ምልጥጣፍ ኣይፎትን ታክሰይ ቆለ ስለዘይብላን ዝብል መልሲ ሂቦም። ገሊኦም ድማ ማዕርነት ፆታ፣ ሃይማኖት፣ ብሄር ዝጥሕሱ ስለዝኾኑ፤ ነፃነት ወዲ ሰብ ስለ ዝግህሰሱ ኣይንልጥፎም ዝብል ሓሳብ ኣለዎም። ብሓፈሻ ካብተን ብሃንደበታዊ ሜላ ዝተመርፃ 40 ታክሲ፣ ብትግርኛ ዝተሰየማ ወይ ብትግርኛ ዝተፃሕፈ ጥቕሲ ዝተለጠፈላ ታክሲ ኣይነበረትን። ይኹን ደኣምበር ንዕለታዊ ንጥፈታትና እንትንቀሳቀስ ሓለሓሊፉ ብትግርኛ ዝተሰየማ ታክሲታት ንርኢ ኢና። ስለዚ በዝሐን ብጣዕሚ ውሑድ ስለዝኾነ ካብ እተን ዝተመረፃ ታክሲ ውሽጢ ክኾና ኣይኸኣላን።

ነጋዶ ትካሎም ኣብ ምስያም ብዝምልከት፣ ኣብ እተን ዝተመረፃ ሰለስተ መንገዲታት ከተማ መቐለ (ፍኖተ ሓኽፈን፣ ፍኖተ ኣሉላ፣ ፍኖተ ሆሳእና) ዝርከቡ 417 ኣብያተ ንግዲ ውሽጢ፣ 165 (39.57 ሚእታዊ) ብእንግሊዝኛ፣ 94 (22.54 ሚእታዊ) ብኣምሓርኛ፣ 90 (21.58 ሚእታዊ) ብኣምሓርኛን እንግሊዝኛን፣ 35 (8.39 ሚእታዊ) ብትግርኛ፣ 32 (7.67 ሚእታዊ) ብትግርኛን እንግሊዝኛን፣ 1 (0.24 ሚእታዊ) ብትግርኛ፣ ኣምሓርኛን እንግሊዝኛን ቋንቋተት እዮም ተሰይሞም ዝርከቡ። እዚ መረዳእታ ዘርእየና ዋላ እኳ ዕብለላ ኣምሓርኛ ብግልፂ ዝርአ ይኹን እምበር እንግሊዝኛ ካብ ኣምሓርኛ ንላዕሊ ዓብላላይነት ከምዘለዎ እዩ። ብሓፂሩ፣ እዚ ተግባር ነጋዶ ትካሎም ኣብ ምስያም ቋንቋ ትግርኛ ናይ ምጥቃም ድልየቶም ትሑት ምዃኑ እዩ ዘርእየና። በዚ ምኽንያት ነጋዶ መቐለ ንቋንቋ ትግርኛ ዝህብዎ ክብሪ ብጣዕሚ ትሑት እዩ ምባል ይከኣል።

### 5.3.2 ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ኣብያተ ዕዮ ፌዴራል

ከም በዓል ትግርኛ ዝኣምሰሉ ካልኦት ተናሓነሕቲ ቋንቋታት ናብ ጎኒ ገዲፍካ ኣምሓርኛ ብሕታዊ ቋንቋ መንግስቲ ፌዴራል ገይርካ ምጥቃም ወይ ድማ ንኩሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ብማዕርነት ዘገልግል ቋንቋ ወፃኢ ዓዲ ዘይምጥቃም፣ ዕድላት ስራሕ፣ መራኽብቲ ሓፋሽን ባህላዊ ምርኢታትን መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ተዛረብቲ ኣምሓርኛን ንክወድቁ በሪ ኸፊቱ እዩ። ብካልእ ኣገላልፃ፣ ኣብ መንጎ ተዛረብቲ ኣምሓርኛን ተዛረብቲ ካልኦት ቋንቋታት ዘለዉ ርክባት ሓይሊ (power relations) ኢምዕሩይ ውዳነ ሓይሊ (balance of power) ዝዓሰሎ እዩ። ኣምሓርኛ ዕዙዝ ግልጋሎት ስለ ዘለዎ ኢልካ ብሕታዊ ቋንቋ ፌዴራል ምግባር፣ ኣምሓርኛ ካብ ካልኦት ቋንቋታት ንላዕሊ ዓብይ ተፅዕኖ ዘለዎ ምዃኑ ኣሜን ኢልካ ምቕባል እዩ ዘርኢ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ ካብ ተዛረብቲ ካልኦት ቋንቋታት ንላዕሊ ዓብይ ተፅዕኖ ንክህልዎም ምፍቓድ እዩ፤ ምኽንያቱ ነቲ ዕዳጋ ቋንቋ (linguistic field) ንክቆፃፀርዎ ቋንቋኦም ሓይሊ ይህቦም እዩ። ተዛረብቲ ኣምሓርኛ ቋንቋኦም ብዝፈጠረሎም ዕድል፣ ኣብ ገዘፍቲ ዓውዲታት ቋንቋ (linguistic fields) ኢትዮጵያ፣ ከም በዓል ሙዚቃን ፊልምን ዝኣምሰሉ ንብረታት ንከምርቱን ክሸጡን፣ ካብ ሓደ ክልል ናብ ካልእ ክልል ብዘይስኽፍታ ንክንቀሳቀሱ፣ ስራሕ ኣብያተ ዕዮታትን መራኸቢ ሓፋሽን ፌዴራል ንክቆፃፀሩ፣ ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ንኣምሓሩ ከሞግሱ ንኻልኦት ሓቅን ሓሰትን እናሓዋወሱ ከናእሱ ወይ ዕሸሽ ክብሉ ከምኡ እውን ሓሳቦም ብቐሊሉ ንክገልፁ ኪኢሎም እዮም (ዮናታን፣ 2014)። ኣብዞም ዓውዲታት፣ ቋንቋ ኣምሓርኛ ባዕሉ ከይኾነስ ኣምሓሩ ነቶም ዓውዲታት ንክዕብልልዎም ይኹንታ ካልኦት ብሄራትን ብሄተረሰባትን ዝተሓወሶ ሓይሊ ረኺቦም፤ ምኽንያቱ ወይስን ወዳክን (2003) ከምዝብልዎ ቋንቋ ባዕሉ ሓይሊ የብሉን፣ ሓይሊ ዘለዎ ሰብ እንትጥቀመሉ እዩ ሓይሊ ወይ ዓብላላይነት ዝላበስ።

ቋንቋ ብዘይ ተዛራባይ ግኡዝ እዩ። ቋንቋ ብባዕሉ ሓይሊ የብሉን፤ ንኻልኦት ቋንቋታት እውን ክዕብልል ኣይኽእልን። ቋንቋ ስብእና ምልከት ዝላበስ ብዝዛረብዎ ሰባት እዩ። ስለዚ ኣብ ኩሉ መዳይ፣ ኣብ ዓውዲታት ኢኮኖሚ፣ ፖለቲካ፣ ባህልን መራኸቢ ሓፋሽን፣ ጉልበትን ዓብላላይነትን ዘለዎም ሰባት፣ ዓብላላይ ዝገብሮ ሓይሊ የላብስዎ ማለት እዩ። “ንምንታይ ድኣ ትግርኛ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብኢኮኖሚያዊ፣ ትምህርታዊን ፖለቲካዊን ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ዝዝረብ ኮይኑ እናሃለወ ብኣምሓርኛ ተዓብሊሉ?” ዝብል ሕቶ ተልዒሉ፣ ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃቢ፣ ከምዚ ዝዕብ ይብል፦ ሰብ ሃብቲ

ተጋሩ፣ ኣጉል ተፈታውነት ንምርካብ ኢሎም፣ ቋንቋኦም ገዲፎም ኣምሓርኛ ኣብ ምዕባይ እዮም ዝርከቡ። ንኣብነት ንደረፍቲ፣ ደረስቲን ፊልም ሰራሕቲን ትግርኛ ገዲፎም ንከየንቲ ኣምሓርኛ እዮም ስፖንሰር ዝገብሩ፤ ንዓቕሚ ስኢኖም ክሕከሙ ስፖንሰር ምግባር ሓዊስካ።” ብተወሳኺ ካልእ መረዳእታ ወሃቢ ከምዝበሎ፣ “ተጋሩ ምሁራንን ከየንትን ቋንቋኦም ገዲፎም ኣብ ምዕባለ ኣምሓርኛ ምውፋሮም፣ ንኣብነት ከምኒ በዓል ገብረህይወት ባይከዳኝ፣ ስብሓት ገብረእግዚአብሄር፣ ፍሬው ሃይሉ፣ ባህታ ገብረህይወት ኪሮስ ሃይለስላሴን ዝኣምሰሉ ሙዚቃ [ዜማ]፣ ፍልስፍናን ባህልን ትግራይ ናብ ኣምሓራ፣ ቃላት ትግርኛ ድማ ናብ ኣምሓርኛ ምውሳድ ኣስዒቡ እዩ።

ኣብዚ ሎሚ ጊዜ፣ ኣምሓርኛ ኣብ ትግርኛ ዘለዎ ፅዕንቶ ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ፌዴራል ብግልፂ ይርአ እዩ። ኣምሓርኛ፣ ትግርኛን ካልኦት ቋንቋታትን ከም ቋንቋ ኣደ ዝዛረቡ ብሄራትን ብሄረሰባትን ካብ ንሕንሕ ንጥፈታት ማሕበረ–ኢኮኖሚ ወፃኢ ንምግባር ከም መሳረሒ የገልግል ኣሎ። ብ2008 ዓ.ም.ፈ. ዝቐረበ ፀብፃብ ኤጀንሲ ሲቪል ሰርቪስ ፌዴራል ከምዝሕብሮ፣ ብ2007 ዓ.ም.ፈ. ዝነበሩ ቀወምቲ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ፌዴራል ውሽጢ፣ 50.15% ኣምሓሩ፣ 17.75% ኦሮሞ፣ 8.7% ተጋሩ፣ 4.26% ጉራጌ፣ 1.37% ወላይታ እዮም ነይሮም፤ ካልኦት ብሄራትን ብሄረሰባትን ግን ካብ ውድድር ወፃኢ እዮም ነይሮም (ዮናታን፣ 2014)። እዚ ምስ ኣምሓሩ ኣብ በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘለዎም ሪሽዮ (ብፅሒት) እንትነፃፀር፣ ልዕሊ 23 ሚእታዊ ስራሕ መንግስቲ ፌዴራል ብዘይኣግባብ ዝሓዝዎ ምኳኖም እዩ ዘርእየና። ስለዚ ብደረጃ ፌዴራል፣ ኣምሓርኛ፣ ሚዛናዊነት ዘይብሉ ዕድል ስራሕ ንክህሉ ዓብይ እጃም ኣለዎ። እዚ ዘርእየና ኣብ ኣብያተ ዕዮ ፌዴራል፣ ኣምሓርኛ ብሕታዊ መሳርሒ ገይርካ ምጥቓም፣ ፅዕንቶ ኣምሓርኛን ዕብለላ ኣምሓሩን ከምዘስዕበ እዩ።

ብተወሳኺ መራኸቢ ሓፋሽ መንግስቲ ፌዴራል፣ ቋንቋ ኣደኦም ኣምሓርኛ ብዝኾነ ጋዜጠኛታት ዝተዓብለለ ኾይኑ፣ ንብሄሮምን ተወለድቲ ብሄሮምን ዘይግቡእ ሓለፋ ብምሃብ ካልኦት ብሄራትን ብሄረሰባትን ክግለሉ ይገብሩ ኣለዉ። ብኻሊእ ኣገላልፃ፣ ኣምሓርኛ ጥራሕ ቋንቋ ፌዴራል ገይርኻ ምጥቓም፣ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ ተፈላጥነት ክረኽቡ፣ ተዛረብቲ ካልኦት ቋንቋታት ድማ ንክግለሉን ንክናሸዉን ምኽንያት ኾይኑ እዩ። ስለዚ ብደረጃ ፌዴራል፣ ምብልላፅ ቋንቋ፣ ምብልላፅ ውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለታት ኣስዒቡ ምባል ይከኣል (ዮናታን፣ 2014)። ሓደ ቀንዲ መረዳእታ ወሃቢ፣ ነቲ ኣብ መንግስቲ ፌዴራል ዘሎ ቦታ ቋንቋታት ውሽጢ ዓዲ ከምዝስዕብ ይገልፆ፦

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ወይ ካልኦት ከባቢታት ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ ዕዮ ፌዴራል፣ ኣምሓርኛ ጥራሕ እዩ ዓብይ ቦታ ዘለዎ። ካልኦት ቋንቋታት ምንም ዓይነት ቦታ የብሎምን። ከምዝፍለጥ ኣዲስ ኣበባ ኲሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ተሓዋዊሶም ዝነብሩላ ከተማ እያ። ንኣብነት ተጋሩ እንተወሲድና ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘለዎም በዝሒ ካብ ሃገራዊ ሬሾኦም [ብፂሒቶም] ንላዕሊ እዩ። ኾይኑ ግን ብቋንቋኦም ዝረኽብዎ ምንም ዓይነት ግልጋሎት የለን። ናይ ካልኦት ዓዲታት ልምዲ ንምርኣይ፣ ጀርመን ንወስድ ንኽእል። ኣብ በርሊን ከባቢ 300 000 ቱርካውያን ኣለዉ፤ እዞም ቱርካውያን ብተርክሽ ዝፍኖ ናይ ባዕሎም ኤፍ ኤም ሬድዮ ኣለዎም። እዚ ንስደተኛታት ዝተወሃበ መሰል እዩ። እንተ ኣብ ሃገርና ግና ንኣብነት ልዕሊ 300 000 ተጋሩ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ኣብ ሃገሮም፣ ዝነብሩ ኣለዉ። እዚኦም ብቋንቋኦም ናይ ቴሌቪዥን፣ ኤፍ ኤም ሬድዮን ካልኦት ግልጋሎታትን ክረኽቡ ነይርዎም። መን ደኣ ከልኪልዎም? ዝብል ሕቶ እንተልዒልና፣ ናይ ኣምሓርኛን ተዛረብቲ ኣምሓርኛን ፅዕንቶ እዩ መልሱ።

ብሓፈሻ ኣጠቓቕማ ቋንቋ መንግስቲ ፌዴራል፣ ዕብለላ ቋንቋ ኣምሓርኛን ተዛረብቱን እዩ ዘበረታትዕ። ኣምሓርኛ መመልመሊ ስራሕ መንግስቲ ፌዴራል ስለ ዝኾነ ኣምሓርኛ ከም ቋንቋ ኣደ ዝዛረቡ ተጠቀምቲ ንክኾኑ፣ ኣምሓርኛ ቋንቋ መራኸቢ ሓፋሽን ርክብ ንግድን ስለ ዝኾነ ተዛረብቲ ካልኦት ቋንቋታት ካብ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን ብራኸታት ንክግለሉ በሪ ኸፊቱ፣ ኣብ ዘመን ደርግን ሃይለ ስላሴን ዝነበረ ዕብለላ ኣምሓርኛን ኣምሓሩን ንክቕፅል ገይሩ (ዮናታን፣ 2014)።

## 6. ደምዳምን ለበዋን

ኣምሓርኛ ኣብ ስርዓታት ሃይለስላሴን ደርግን ኣብ ትግርኛ ዓብይ ፅዕንቶ ከምዝነበሮ ዝተፈላለዩ መረዳእታት ይሕብሩ። እቲ ፅዕንቶ በቶም ክልተ ሕሉፋት ስርዓታት ዳርጋ ተመሳሳሊ ነይሩ ምባል ይከኣል። ኣብ ክልቲኦም ስርዓታት፣ ኣምሓርኛ መሳረሒ ቋንቋ ዓውዲታት ኣብያተ እምነት፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብያተ ፍርዲ መራኸቢ ሓፋሽ፣ ስነ ፅሑፍን ምሕደራን ንክኸውን ሕገመንግስታዊ ኣፍልጦ ተዋሂብዎ፤ ትግርኛ ድማ ካብ ዞም ዝተጠቐሱ ዓውዲታት ርሒቑ፣ ቋንቋ ገዛ ኾይኑ ብኣምሓርኛ ተዓብሊሉ ክነብር ተፈሪድሉ። በዚ ምኽንያት ትግርኛ ኣብ ዘመናት ሃይለስላሴን ደርግን ንብርሰት ተቓሊዑ ነይሩ።

ፅዕንቶ ኣምሓርኛ ኣብ ትግርኛ፣ ዋላ ኣብቶም ሕሉፋት ስርዓታት ዕዙዝ ይንበር እምበር ኣብ ዘመነ

ኢህኣዴግ እውን መልክዑ ቀይሩ ቀፂሉ እዩ። ትግርኛ፣ ዋላ እኳ ብብርኪ ክልል ቋንቋ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ኣብያተ እምነት፣ ምሕደራን መራኸቢ ሓፋሽን እንተኾነ፣ ኣብ ስርዓት ኢህወዴግ እውን ካብ ዕብለላ ኣምሓርኛ ከምልጥ ኣይኸኣለን። ብብርኪ ፌዴራል፣ ኣምሓርኛ ጥራሕ ኣብ ኩሎም ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ምጥቓም፣ ማዕርነት ቋንቋታት ክሃስስ ዕብለላ ኣምሓርኛ ክሰፍን ገይሩ። ስለዚ ፖሊሲ ቋንቋ ብዙሕነት ብብርኪ ፌዴራል እንትርእ ብተግባር ኣይተተርጐን። የግዳስ እቲ ብዘመነ ሃይለስላሴን ደርግን ዝነበረ ኣሃዳዊ ፖሊሲ ጐሊሁ ንክወፅእ በሪ ኸፊትሉ። ብተወሳኺ፣ ኣምሓሩ ዕድላት ስራሕቲ ኣብያተ ዕዮታት ፌዴራል ንክቆፃፀርዎም፣ መራኸቢ ሓፋሽ ፌዴራል ድማ ክዕብልሉዎም ዕድል ሂብዎም። ስለዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት ዘሎ ምልከት ኣምሓርኛን ተዛረብቱን ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናሓየለ ይኸይድ ኣሎ።

ብብርኪ ክልል፣ ኣብ ‘ዚ ዘመን፣ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ፣ መጠን ዕብለላ ኣምሓርኛ ኣብ ትግራይ ንክዝርጋሕ ይገብሩ ኣለዉ። ኣብ ካልኦት ዓዲታት ተራእዩ ብዘይፈልጥ መልክዑ፣ ተዛረብቲ ኣምሓርኛ ናብ ትግራይ መፂኦም ምስቲ ሕብረተሰብ ምንባር እንትጅምሩ፣ ዋላ እኳ ህዳጣን ይኩኑ እምበር ንሶም ብትግርኛ ናይ ምዝራብ ድልየት ስለ ዘይብሎም፣ እቲ ማሕበረሰብ ብኣምሓርኛ ንክዛረብ ኣብ ፍትወታዊ ግዴታ የጥሕልዎ ኣለዎ። ቀስብቀስ ድማ ንንባዕሉ ከይተረፈ ብኣምሓርኛ ንክዛረብ ይፀልውዎ ኣለዉ፤ ገለ ክፋል እቲ ሕብረተሰብ፣ ንኣብነት መምህራንን ተምሃሮን ዩኒቨርስቲ፣ ቋንቋኦም ገዲፎም ኣብ ስራሕ ቦታ ይኹን ኣብ ከተማታት ትግራይ ኣምሓርኛ ምዝራብ ልሙድ ዕለታዊ ተግባሮም ኮይኑ ኣሎ። እዚ ክስተት ካብ ኩሎም ሓደጋታት ህልውና ቋንቋ እቲ ዝኸፍአ እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ህዝቢ ፈትዩ ብኻልእ ቋንቋ ምውሓጥ እንተጀሚሩ ምምላሱ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ።

ስለዚ፣ ፀገም ትግርኛ ገዲፍኻ ብኣምሓርኛ ምዝራብ፣ ኣዐርዩ ቅድሚ ምልባዱ መፍተሒ ምንዳይ ይግባእ። እቶም ቋንቋኦም ኣብ ሸለል ምባል ዝርከቡ ኣካላት ድማ ኣብ ግጉይ ፍኖት ዘለው ምኳኖም ተረዲኦም ጌጋኦም ብምእራም ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ትግርኛ እጃሞም ክዋፀኡ ይግባእ። ብተወሳኺ፣ ስካብ ኣበይ ክኸውን ከምዘለዎ ዝሕብር ንፁር ፖሊሲ የብሉን። ስለዚ ትግርኛ፣ ቋንቋ ሳይንስን ቴክኖሎጂን፣ቋንቋ ኤፍ ኤም ራድዮን ቴለቭዥንን ኣዲስ ኣበባ፣ ቋንቋ ፓርላማ ፌደራል ተጋሩ፣ ቋንቋ ፅሑፋዊ ርክብ ዩንቨርስቲታት ትግራይ፣ ቋንቋ ፊልምን ያሬዳዊ ዜማን ክኸውን ከምዝእኽል ኣንፈት ዝሕብር ዋዕላ ምሁራን ክካይድ ይግባእ።

## ውኩሳት ድርሳናት


Bahru Zewde. (2002). *Pioneers of change in Ethiopia: The reformist intellectuals of the early twentieth century*. Ohio: Ohio University Press.

Cooper, R. L. (1976). The Spread of Amharic. In M. L. Bender, J. D. Bowen, R. L. Cooper, & C. A. Ferguson (Eds.) (1976). *Language in Ethiopia*. London: Oxford Press.

FDRE. (1995). *The constitution of the Federal Democratic Republic of Ethiopia*. Addis Ababa: Berhanena Selam.

Federal Democratic Republic Government of Ethiopia (FDRGE). (1994). *Education and training policy*. Addis Ababa: Berhanena Selam.

Gelnner, E. (1983). *Nation and Nationalizm*. Oxford: Basil Blackwell.

Gramsci, A. (1971). *Selections from the prison notebooks*. London: Lawrence and Wishan.

Mekuria Bulcha. (1997). The politics of linguistic homogenization in Ethiopia and the conflict over the status of Affan Oromoo. *African Affairs*, 96, 325-352.

Ministry of Education (MOE). (2002). *The education and training policy and its implementation*. Addis Ababa: Berhanena Selam.

Spolsky, B. (2004). *Language policy*. Cambridge: Cambridge University Press.

Weiss, G., & Wodak, R. (2003). Introduction: Theory, interdisciplinarity, and critical discourse analysis. In G. Weiss, & R. Wodak (Eds.), *Theory, interdisciplinarity, and critical discourse analysis* (pp. 1-32). New York: Palgrave.

Yonattan Araya. (2014). Multilingual language policy and language practice in Ethiopia: Opportunities and challenges for national unity and development. Unpublished PhD dissertation, Addis Ababa University.